Socialstyrelsen

# ብመንገዲ ኣስተርጓሚ ምዝርራብ

ሓደ ሓጺር መሓበሪ

Översättning till TIGRINJA av Att samtala genom tolk

ክልተ ወገን ንሕድሕዶም ክዘራረቡ ከለዉ ግን ሓደ ናይ ሓባር ቋንቋ ዘይብሎም እንተ ኳይኖም፡ ምይይጥ ክካይዱ ንክኽእሉ፡ ኣብ መንጎኦም ሓደ ኣስተርጓሚ ናይ ግድን ኣራኻቢ እዩ።

ዕላማ ናይ'ቲ ዝተተርጎመ ዝርርብ ብዝተኻእለ መጠን ልክዕ ነቲ ንቡር ዝርርብ ክመስል ኣለዎ።

ኳይኑ ግን ብመንገዲ ኣስተርጓሚ ክትዛረብ ከለኻ ሓደ ሓደ ክተስተብህለሎም ዘለካ ነገራት ኣለዉ።

እዛ መንሹር ብዛዕባ ናይ ኣስተርጓሚ ስራሕ ኣብ'ቲ ዝርርብን፡ ንዓኻ ብመንገዲ ኣስተርጓሚ ክትዛረብ ዝኾንካ እንታይ ማለት ምዃኑን ሓጺር መግለጺ ትህብ።

ከም'ውን እዛ መንሹር ብመንገዲ ኣስተርጓሚ ክትዛረብ ከለኻ ብፍሉይ ክተስተብህለሎም ዘድልየካ ሓደ ሓደ ነገራት ተልዕል።

## ናይ ኣስተርጓሚ ስራሕ

ብናይ እቲ ኣስተርጓሚ ሞያዊ ስነ-ምግባር ይምእዘዝ።

እቲ ኣስተርጓሚ ኣብ ስርሑ እዞም ዝስዕቡ ስነ-ምግባራዊ ቀንዲ ሕግታት ኣለውዎ:-

- እቲ ኣስተርጓሚ ኵሉ ኣብ'ቲ ዝርርብ ብንጹር ዝተገለጸ፡ ከይገደፈ፣ከይቀየረ ወይ ገለ ከይወሰኸ ክተርጉም ኣለዎ።
- እቲ ኣስተርጓሚ ኣብ ግዜ ምትርጓም ዘይሻረኛ ክኸውን ኣለዎ። ከም'ውን ናይ ገዛእ ርእሱ ርድኢት ነቲ ምትርጓም ክጸልዎ የብሉን።
- እቲ ኣስተርጓሚ ምስ ምቱርጓም ዝተተሓሓዘ ካልእ ስራሕ ክገብር የብሉን።
- እቲ ኣስተርጓሚ ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎ።

### ናይ'ቲ ኣስተርጓማይ ግዴታ ምስጢር ምዕቃብ ማለት:-

- ግዴታ ምስጢር ምዕቃብ፡ እቲ ኣስተርጓሚ ምስ ናይ'ቲ ምቱርጓም ስራሕ ዝተተሓሓዘ ዝፈለጦም ንኵሎም ሓበሬታታት የጠቓልል።
- ግዴታ ምስጢር ምዕቃብ ምስ ካልኦት ምትእስሳር ዘለዎም እውን የገልግል እዩ፡ ንሓለፍቲ፣ መሳርሕትን ስድራን እውን።
- እቲ ግዴታ ምዕቃብ ምስጢር እቲ ኣስተርጓሚ ድሕሪ ስርሑ ምውድኡ እውን የገልግል እዩ።

### ንዓኻ ኣስተርጓሚ ትጥቀም እዚ ዝስዕብ ማለት እዩ:-

- ንኹሉ ኣብ'ቲ ዝርርብ ተልዕሎ ናትካ ሓላፍነት እዩ
- እቲ ኣስተርጓሚ፡ ንስኻን መዛርብትኻን ትለዋወጥዎ ሓበሬታ ልክዕ ናይ ምዃኑ ሓላፍነት የብሉን
- እቲ ኣስተርጓሚ ነንሕድሕድኩም ንዝተበሃልኩሞ ኣመት ክገብር ኣይክእልን እዩ። እቲ ኣስተርጓሚ ንዝኾነ ካባኻትኩም ተዘራረብቲ ክውክል ኣይክእልን እዩ።
- እቲ ኣስተርጓሚ ናይ ዝኾነ ካብቶም መዛርብቲ ተወካሊ ክኸውን ኣይክእልን እዩ
- እቲ ኣስተርጓሚ ንሱ ወይ ንሳ ዘይግብኦ/ኣ(ዘይብቁዕ) እንተ ኳይኑ ብጋህዲ ናይ ምንጋር ግዴታ ኣለዎ/ዋ፡ እዚ ማለት፡ እቲ ኣስተርጓሚ ዘመድ እንተ ኳይኑ፣ ምርዕው ወይ ሕጹይ ምስ ሓደ ካብቶም ወገናት እንተ ኳይኑ፣ ሓደ ካብቶም ብዓል ጉዳይ እንተ ኳይኑ ወይ ንሓደ ካብቶም ወገናት ወኪሉ ነቲ ጉዳይ ይገብሮ እንተ'ሎ
- እቲ ኣስተርጓሚ ነቲ ምቱርጓም ብልክዕ መንገዲ ክፍጽሞ ዘይክእል ኣንተ ኳይኑ ብጋህዲ ክነግር/ክትነግር ኣለዎ/ዋ፡

## ንኽትዝክሮ ኣገዳሲ
## ብመንገዲ ኣስተርጓሚ ክትዘራረብ ከለኻ

- ምስቲ መዛርብትኻ ተዛረብ፣ ብዛዕብኡ ወይ ብዛዕብኣ ዘይኮነ
- ምስቲ መዛርብትኻ ተዛረብ፡ ምስ ኣስተርጓሚ ኣይትዛረብ። "ዝደሊ እንተ ኬይኑ ሕተቶ..." ክትብል የብልካን፡ ኣብ ክንድኡ ብቐጥታ ሕተት "ትደሊ ዲኻ..." ሽዑ እቲ ኣስተርጓሚ ንዕኡ ከተርጉሞ እዩ፡ እቲ ዝርርብ ድማ ብዝያዳ ሓደ ንቡር ዝርርብ ይመስል።
- ገለ ነገር ዘይንጹር እንተ ኼይኑ ወይ እቲ መዛርብትኻ እንታይ ከም ዝተረድኦ ርግጽ እንተ ዘይኴንካ፡ ነቲ መዛርብትኻ ሕተቶ፡ ነቲ ኣስተርጓሚ ድማ ነታ ሕቶ ከተርጉማ ሕተቶ

### እቲ ክትብሎ ትደሊ ብዝርዝር ሕሰበሉ

- ነቶም ንዓኻ ኣገደስቲ ዝኾኑ ነገራት ጽቐጠሎም።
- ኣሕጽር ኣቢልካ ተዛረብ፡ ነቲ ኣስተርጓሚ ከተርጉም ዕድል ሃቦ። ሽዑ እቲ ትርጉም ብዝያዳ ልክዕ ይኸውን፡ እቲ መዛርብትኻ እውን ኣብ መንጎ ክምልስ ወይ ርእይቶ ክህብ ይኽእል። ልክዕ ከምቲ ኣብ ንቡር ዝርርብ ዝግበር።
- ብርሁን ንጹርን ጌርካ ግለጽ። ንኣብነት ምስላ ትጥቀም እንተ'ለኻ፡ ኣበየናይ ተእትዎም ከም ዘለኻ እውን ናይ ግድን ክትገልጽ ኣለካ።

### ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ እውን ኣስተውዕል

- ኣብ ሓደ ንቡር ዝርርብ መብዛሕትኡ ግዜ ነቶም ቃላት ዝድግፉ ገጻዊ ኣንደበትን ኣካላዊ ቋንቋን፡ ኣብ ብምቱርጓም ዝግበር ዝርርብ ዝወሓደ ኣገዳስነት እዩ ዘለዎም። ስለዚ ብመንገዲ ኣስተርጓሚ ምዝርራብ፡ ከምቲ ብቃላትን ድምጽን ተመሪሕና ንገብሮ ናይ ተለፎን ዝርርብ ቁሩብ ዝመሳሰል እዩ።

- ሓደ ወስወስታ ኣብ ዝተፈላለየ ባህልታት ዝተፈላለየ ትርጉም ክህልዎም ይኽእል እዩ ( ንኣብነት ኣብ ሽወደንኛ ጥቕሳ ርእሲ "እው" ማለት ክኸውን ከሎ ኣብ ካልእ ቦታ "ኣይፋል" ክኸውን ይኽእል እዩ)። ብመንገዲ ኣስተርጓሚ ክትዛረብ ከለኻ ንኸምዚኣም ነገራት ክትዝክሮም የድልየካ።

- ምትርጓም ከቢድ እዩ። እቲ ኣስተርጓሚ ምሉእ ኣድህብኡ ኣብቲ ምቱርጓም ክኸውን ኣለዎ። ብጎኒ እቲ ቋንቋዊ ካልእ ስራሕ ክገብር ኣይክእልን እዩ። እቲ ኣስተርጓሚ ካብቶም ዝዘራረቡ ዘለዉ ቀልጢፉ እውን ይደክም እዩ። ኣብ'ቲ ስራሕ ዕረፍቲ የድልዮ እዩ።

Att samtala genom tolk översättning till TIGRINJA (artnr 2016-4-18)
kan laddas nerfrån Socialstyrelsens webbplats
www.socialstyrelsen.se/publikationer

Socialstyrelsen